# ድሕረይ ሳዕሪ ኣይብቀሎ

By ሚካኤል ኣጎስቲኖ(ቱቢንገን ጅርመን)
October 17.10.2005

ኤርትራ ሓንቲ ካብተን መሰል ደቂሰባት ዘይትሕሉዉ ሃገር ከም'ዉን እታ ዝበዝሑ ጋዘጠኛታት ዝኣሰረት እናተባህለት በብግዚኡ ብዓለም ደረጃ ዝንገረላ ዘላ ሃገር እያ። ብዕለት 24 መስከረም ኣብ ርእሲዓንቀጽ ሓዳስ ኤርትራ ዝሰፈረ "ፍትሒ ዝረገጸን፡ ፍትሒ እናረገጸ ዘጽቀጠን፡ ብግዕሪ ታሓተቲ'ዮም" ዝብል ምስ ኣንበብኩ ግርም ኢሉኒ፤ህግደፍ ኣብኣ ኣላትካ፤ እምባር ንስኻስ ፡ብዛዕባ ፍትሕን መሰልን ትፈልጥ ዲኻ ፤"ዘይሓፍር ድሙ ገረማርያም ስሙ" ከም ዝባሃል፡ ኣቱም ሰባት ህግደፍ እታ ሕፍረት ዝብልዋ ቀልዮም እዮም በሊዖማ፡ ዒብ ዝባሃል ዘይብሎም።

እዚ ስርዓት ኣልቦ፡ ንዑኡ ተወሪዱ ነዚ ቡሩኽ ፡ ወፉይ ፡ ለጋስ ፡ ምእዙዝ፡ ፈታዊ ሃገሩ ዝኾነ ህዝቢ የዋርዶ ኣሎ። ኣነስ እዚ ሰብኣይ ሓሚሙ ከሎ ደአ ይመርሕ ከይህሉ እብል፤ ኩሉ ነገራቱ እንተሪኢና ናይ ጽሉላት እምበር ካልእ ዘይትሪኣሉ ኮይኑ፡ ምኻን እኺ እቲ ደም ናይ ኑጹሃት ይኸዉን ዘዕገርግሮ ዘሎ።እቶም ብጾቱ ዋላ እንተሓመመ እዉን፡ ዝብልዎ ነገር የብሎምን፡ ምኽንያቱ "ተመን ዝርኤ ብልሕጺ ተዳህለ" ስለ ዝኾነ።

ሕጂ ኻኣ ነዛ ሃገር እዉን ናብ ዉግእ ክእቱ ህርድግ ይብል ኣሎ። እዛ ሃገር እንተ ጠፍኣት ባዓል እንታዩ፡ ንዑኡ ብዝኾነ ትኹን እዛ ሃገር ኣይትብጾሖን እያ። እታ ዝደልያ ጎብለል ናይ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዘይኮነ፡ ጎብለል ናይ ኤርትራ ምኻን ትጎድሎ ስለ ዝሪኢ ዘሎ፡ ድሕረይ ሳዕሪ ኣይትብቀላ ዝዓይነቱ እዩ መደቡ።

ምስኪናይ ህዝቢ ኤርትራ ግን ነዚ ተንኮለኛ ሕልሚ ህግደፋዉያን ፈጺሙ ኣይፈልጠሙን ነይሩ።ብድሕርዚ ብዙሕ ሰላማዊ ጻዕርታትዉን ተኻየደ፡ ህግደፋዉያን ግን እዚኒ ከይሃቡ እቲ ዝጠፍእ ሂወትን ዝፈሰሰ ደምን ኤርትራዊያን ከይዓጀቦም ንናይ ሰላም ጻዕርታት ትሓሲሞም ብጃህራን ኣንነትን ተወጢሮም ናብ መንገዲ ዕንወት ኣምሪሖም በዚ ካኣ ናይ ቡዙሓት መንእሰያትና ሂወት ዘጥፋኣን ንብረት ህዝቢ ዘዕኑን ዘሰካሕክሕ ፍጻሜታት ተፈጺሙ፡ እዚ ጥራይ ከይኣክል ብዙሕ ህዝቢ ካብቲ ዝፈትዎ መናባብሮ ተማዛቢሉ ኣደዳ ስደትን ሕማምን ኮይኑ ኣሎ።

ኦ ህዝቢ ኤርትራ ሎሚ ኸ መን? ብዝኾነ መንገዲ ዉግእ ዝባሃል ኣየዋጻጻኣካን እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ኣንጻር ዉግእ እንተ ደይ መኪትካ፤ እምቢ ንዲክታተርነት እንተደይልካ፤ እዚ ስርዓት ንኽጽንተካ ተዳልዩ ስለዘሎ፤ ካብ ዝሓለፈ ተሞክረታትካ ተማሂርካ፡ ነዛ በሻሓት ዘጥፋእናላ ሃገር ሕድሪ ሰዋኣትና ክንኽብርን ክነተግብርን ይግባእ።

ዉግእ እንተርፌ ክሳራ መኽሰብ ስለ ዘይብሉ።ናይ ዶብ ጉዳይ ዝወሰደ ጊዜ ይውሰድ ብዉግእ ንምፍትሑ ምጉያይ ኣድላይነት የብሉን። ፈሊኻ ክትሪኦ ዘይትኽእል ዉሽጣዊ ጉዳይና ኣሎ፤ ገለ ንሓቂ ክጣበቅ ሰብ ብዘይ ፍርዲ ክእሰር ክንከራተት ድምጻይ ከስምዕ እየ ዝግባኣኒ ግን ምስ መን ኮይነ? ተወሊድካ ስጋዕ ትኣርግ ገድሊ!" እናበለ ከየተንብህ ፈሪሑ ይነብር ኣሎ። ሕራይ ፈሪሕካ ዝዉዳኣልካ ተዝኸዉን ግርም። ግን እቲ ሽግር እንዳባኣሰ ድኣ እምበር እንዳ

ሓሸ ዝኸይድ ኣይራኣናን፡ እዚ ካብ ኮነ ህዝቢ ኩሉ ሓቢሩ ኣብ ሓደ ጊዜ እዝግዮ,ታን ኣዉያትን እንተዝገብርስ መንግስቲ ምፈርሐ ወይ ምታኣልየ፡ ፈሪሕካ ኣጽቂትካ መፍትሒ ኣይኮነን፤ ካልኦት ክፈትሑልና ኣይንጸበ፤ከም ኣብነት ኣብ ኢራቕ ዘሎ ህዉከት ንመልከት፡ ማሕበረ ሰብ ዓለም ጻዊዒት ካብ ምቕራብ ቅረታ ካብ ምስማዕ ሓሊፉ ዝገብሮ ነገር የብሉን። ኣረ እናራየ እናሰምዔ ከም ዘይሰምዔ ዘስቕጠሉ ጊዜ'ዉን መሊኡ እዩ። ማሕበረሰብ ዓለም ነባሪ ፍታሕ ከምጽእ ኣይክእልን እዩ። ኣብ ጉዳይና ባዕልና ኩነታትና ህላወና ተመልኪትና ምስ ጎራባብቲ ሃገር ድዩ ናይ ዉሽጥን ጸገማት ባዕልና ክንፈትሕ ህርድግ ንበል። ኣብ ዓለም ዘይተገብረን ዘይተበጽሐን ናዓና ንኤርትራዉያን ሕልፊ ክግበረልና ኣይንጸበ። ማሕበረሰብ ዓለም ሓንቲ ክትገብሮ ትኽእል ጸቕጢ ጥራይ እዩ።
ስለምንታይ ንኢትኦጵያ ጸቕጢ ዘይግበረሎም ክንብል ንኽእል። በንጻሩ ግን ኢሳያስ ዝገብሮ ዘሎ ናይ ዲፕሎማስያዊ ጸይቕታት ኣብ ግምት ክንእትዎ ኣሎና። ናይዛ ሃገር ሰብብ ብጀካ ኢሳያስ መዳኸርቱን ካልእ የለን።

ካብዚ ስርዓት እዚ ምስ ንጋላገል ሑርመይ ኤርትራ ምስ ጎራባብታ ኾነ ዉሽጣዊ ጉዳያ ፈቲሓ ብሰላም ከትነብር ምኻና፡ ቁሊጭ ኢሉ እዩ ዝርኣይኒ።

መኅስን ዝኽርን ንስዉኣትና
ዓወት ንህዝቢ ኤርትራ